

# ኣናንሲን ጥበብን

Ghanaian folktale

Wiehan de Jager

Daniel Berhane Habte

3

ትግርኛ ti



ቅድሚ ነዊሕ ዘመን ሰባት ዋላሓደ ኣይፈልጡን ነበሩ። ናይ ኣዝርእቲ ምብቋል፡ ክዳውንቲ ምስፋይ ኮነ ምቕጥቃጥ ሓጺን ኣፍልጦ ኣይነበሮምን። ኵሉ እቲ ጥበብ ናይ ዓለም ምስቲ ኣብ ሰማይ ዝነብር ኣምላኽ ንያመ ጥራይ ነበረ። ንሱ ነቲ ጥበብ ኣብ ሓንቲ ናይ ካይላ ዕትሮ ብስቱር ዓቂብዎ ነበረ።



ሓደ መዓልቲ፡ ንያመ ነታ ናይ ጥበብ ዕትሮ ንኣናንሲ ክህቦ ወሰነ። ኵሉ ግዜ ኣናንሲ ነታ ናይ ካይላ ዕትሮ ኣብ ዝርኣየላ ግዜ፡ ገለ ሓድሽ ነገር ይምሃር ነበረ። ዘደንቕ እዩ!



ስሱዕ ኣናንሲ፡ “ነዛ ዕትሮ ኣብ ጫፍ ናይዚ ነዊሕ ገረብ ብስቱር ክዕቅባ እየ። ሽዑ ንዓይ ጥራይ ትኸውን።” ኢሉ ሓሰበ። ሓደ ነዊሕ ሃሪ ኣሊሙ፡ ኣብታ ናይ ካይላ ዕትሮ ኣሲሩ ኣብ ዙርያ ናይ ከብዱ ጠምጠሞ። ናብታ ገረብ ክድይብ ጀመረ። ግና እታ ዕትሮ ኣብ ብርኩ ደጋጊማ እናሃረመት ናብቲ ላዕሊ ምድያብ ኣጸገመቶ።



እዚ ኵሉ ክገብር ከሎ፡ ንእሽቶ ወዱ ንኣናንሲ ኣብ ትሕቲ’ታ ገረብ ደው ኢሉ ይከታተሎ ነበረ። ከምዚ ድማ በሎ፡ “ምድያብ ክቐለልካስ ነዛ ዕትሮ እንተትሓዝላ’ዶ ኣይምሓሸን?” ኣናንሲ ነታ ጥበብ ዝመልአት ዕትሮ ክሓዝላ ፈተነ፡ ብሓቂ ድማ ኣዝዩ ዝቐለለ ኾነ።



ብሓጺር ግዜ ጫፍ ናይታ ገረብ በጽሐ። ግና ሽዑ ደው ኢሉ ሓሰበ፡ “ኣነ እየ እቲ ዝለበመ ሰብ ክኾውን ዝግበኣኒ ዝነበረ፡ እንተኾይነ ግዳ እነሆለ ‘ዝ ወደይ ካባይ ዝበልሕ ኮይኑ!” ኣናንሲ ኣዝዩ ተቘጢዑ ነታ ናይ ካይላ ዕትሮ ካብ ጫፍ ናይታ ገረብ ንታሕቲ ደርበያ።



ኣብቲ መሬት ሕምሸሸ ኢላ ተሰባበረት። እቲ ጥበብ ብነጻ ንኹሉ ሰብ ከምዝባጻሕ ኰነ። በዚ ድማ እዮም ሰባት ነቲ ኩሉ ሕጂ መሊኾሞ ዘለዉ ጥበባት ከም ሕርሻ፡ ምስፋይ ክዳውንቲ፡ ምቕጥቃጥ ሓጺን ኰነ ካልእ ጥበባት ክፈልጡ ዝኸኣሉ።

# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ኣናንሲን ጥበብን

Ghanaian folktale
Wiehan de Jager
Daniel Berhane Habte